# ጽንዓት ንቤተሰብ ንኹሎም መቓልስቲ
# ንሓውና ኢዮብ ይኹኑሉ ሰቲ!!

ብለምለም ገብረሚካኤል

ከይድካ እምበኣር ወዲ'ቦይ ብስራት
ናበይ ደኣ ተሃዊኽካ ከይተኽልካ ስርዓት
ፍረ ናይ ቃልስኻ ከይበላዕካ ገዓት
ኩቦ እምበኣር ደርቢኻላ ንመሬት ርስሓት
በል ኣያየ ኣብ መንግስተ ሰማይ ይፍጠረልካ ራሓት።

ኣየ ዓለም ፈገር ወትሩ ጉራሙራ
ንጀጋኑ እትወስድ ንሕማቓት ዓቍራ
ሓንሳብ ዘይተቐኒይለይ ንረብሓ ኤርትራ
ፍረ ናይ ቃልሱ ክርኢ ክንበልዕ እንጀራ
ወዲ ኣቶ ብስራት ዕጡቕ ኣቦ ጭፍራ።

ወዮ ዓዲ'ቦኻ ኣብ ክንዲ ትምለሶ
ወዮ እተቓለስካሉ ኣብ ክንዲ ትበልዓሉ ቦሶ
ኣሕጺርካያ እምበኣር ናይ መሬት ጉዕዞ
ኣብ ቅርዓት እንዳ'ቦኻ በል ብዙሕ ኣሎ ልቅሶ
ኮታ ፈታዊኻ ዝኾነ ኩሉ እነሆ ንብዓቱ የፍስሶ።

ኣያይ ሓብሓቢ ኩሉ ጽላል ዓቢ ዳዕሮ
እንታይ ኣምረጸካ ንሞት ዕድመ ጌና ከሎ
ኣይፋል ምበልኩ ምሞትትኩ ብኹሉ ዝኽእሎ
ንዓይ ክጥዕመኒ ኣንታ መምህር ዓቢ ዳዕሮ
በል ጻዕዳ ይጽናሕካ ኣብዚ ሓዲሽ ኑሮ።

ኣታ ብጻይ ጀጋኑ ዝሓለፉ
ተሃዊኽካ እምበኣር ጌና ብጊሓቱ
ፍረ ናይ ቃልስኻ ከይረኣኻ ውጽኢቱ
መንግስተ ሰማይ ይጽናሕካ ብክፉቱ።

እስከ በል ቅሰን ኣያየ ድንብርጽ ኣይበልካ
ኣለዉ ዘዕጠቃዮም ጀጋኑ ብጾትካ
ኣብ ሽቶኡ ከነብጽሖ ኢና እቲ ድሌትካ
ንዘላኣለም ኸኣ ክነብር ኢዩ ታሪካ
ጽንዓት ንቤተሰብ መንግስተ ሰማይ ንዓኻ
ራሕሲ ይግበረልና ንብጾትካ ስድራኻ
ተሃዊኽካ እንካብ ከድካ ብዝጊ ተሓሪኻ
ኣብ መንበረ ታቦቱ ኣምላኽ የሳስኻ።

ለምለም ገብረሚካኤል።